ኣቱም ምእዙዛት ንዉልቀ ሓደ ሰብ!
ናይ ግዚይኡ ምግያጽ ትሓሰብዎ መኸሰብ!

ብገ/ሚካኤል ሃብተጽዮን(ቆሪጀ) ጀርመን

መልሓስኩም ከይዛረብ እንካብ ተልኽተ
ኣዕንትኹም እንዳረአያ እንካብ ተዓመተ
ኣእምሮኹም ካብ ተደፍነ መአዝኑ ካብ ሰሓተ
ደላይ ለዉጢ እንዳተመቁሐ ሕቶ ዝሓተተ
እንታይ ትጽበ ህዝቢ እንዳጸነተ.
ብህይወትኩም ከለኩም'ሲ ከም ዝሞተ፡

ካብ በይንኻ ኣስናንካ ምሕረቃም
ገዛኻ ዓጺኻ ካብ ምርጋም
ኢሳያስ ዝበሎ እንካብ ምድጋም
ንሕሉፍ ግጋታትካ ግበረሉ ገምጋም
ይኣክል ምሽቁራር ይኣክል ምዕዛም
መንገዲ የማን ምረጽ እንካብ ጸጋም።

ኢሳያስ ይሕበን ይሕሱ ይፍክር ከይሓፈረ
ስግር ዶባት ዉግኣት እንዳጸሕተረ
ምስ ብጾቱ እንከይተማኸረ
ባዕሉ ዝዉስን ዘተግብረ
ተወሪርና ዝብል ባዕሉ እንዳወረረ
ተዓዊትና ዝብል እንዳተሳዕረ
መሽፈኒ ስዕረቱ ንዓለም መረረ
ዉርደተኛ ከቢሩ ዝሓሰረ።

ፈራሕ እዩ ጆራቅ ተጣራዒ
ዓምባኸ እዩ ፈርካሽ መጉባዕቢዒ
መላኺዩ መዋቂዒ
ከም ዓሳታት ብጾቱ በላዒ
ንሓቀኛ ታሪኽ መዘንብዒ
ኩሉ ዝተፈንፈኖ ዘይብሉ ጸግዒ
ሕጊ ኣልቦ ዘይብሉ ቕጥዒ።

ህዝብና ተጠሊሙ ብዉሑዳት ሽፋቱ
ንህዝብና ኣጽኒቶም ሃገር ንኽብሕቱ
ንዓለም ገረሞ'ቲ ትምክሕቱ
ንሰማዒ ገረሞ'ቲ ቃላቱ
ንሱስ እኳ ኣእምሮኡ ሲሕቱ
ዘገርም ግን ናይቶም ኣጫፍርቱ
ዘርምም ግን ናይተን ጭርናዓቱ
ክሳብ ማዓስ እየን ክጉተታ ክጉተቱ
እንዳተዓዘቡ ዉድቀቱ ፍሽለቱ
እንዳራአይዎ ፖለቲካዊ ንድየቱ
ንህዝብና እንዳፈረዶ ንሕልፊቱ
ከም ኤሳዉ ጸማኹም ከይከዉን ንኽንቱ።

ንህዝብና ንጉየሉ ንእዉየሉ
ሽግር ኩሳትናዩ ብሓባር ንጣበቕሉ
ንቕርዓት ወጺእና ድምጽና ነስምዓሉ
ህግደፍ ክጽረግ ተነቒሉ
ኢሳያስዉን ክሃድም ሪያኡ ጠቕሊሉ።

ውድቀት ንስርዓት ህግደፍ ዓንገልቱን!
ዓወት ንዉጹዕ ህዝብና!